# ኤፍታ ብሂል ተኸፈት

ንባባት፡ ዘፍ 3፡1-8፤ ማር 7፡31-37።

ኢየሱስ ክርስቶስ ስብከቱ ኣብ ምጅማሩ ዓላማን ተልእኮኡ ኽገልጽ እንከሎ ካብ ትንቢት ኢሳያስ 61፡1-6 ዘሎ እናጠቐሰ፤ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ ኣሎ፥ ንምሩኻት ምምላስ፥ ንዕዉራት ምርአይ፥ ንግፉዓት ምውፃእ ሓራ ከበሥር ሕርይቲ ዓመት እግዚኣብሔር ክሰብኽ ለኣኸኒ እናበለ መርኃ ተልኮኡ ገሊጹ። ንሓዋርያቱ ተልእኮ ዓላምኦም ክነግሮም እንከሎ ኣጋንንቲ ኼውፅኡ ሕሙማት ኬሕውዩን ኃይሊን ሥልጣንን ሃቦም። መንግሥቲ ኣምላኽ ክሰብኩን ሕሙማት ኬሕውዩን ከአ ለኣኾም (ሉቃ 9፡1-2)። ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ምሉኣት ኮና ምስ ኣምላኽ ሓደ ከይንከውን ከይንነጽሕ ዝዓግቱና ድኽመታትን መኸላእታታትን ከም እንሓዊ ይግበርነና። በዚ ኸአ ኣብቲ ሓቀኛ ርክብ ምስ ኣምላኽን ሓውናን ከምዝህልወና ይገብር።

ሄለን ኬሌር እትብሃል ዕውርትን ጸማምን ዝነበረት ሓደ መዓልቲ ኣብ እተሓተተቶ፥ ምርጫ እንተ ዝህልወኪ ካብ ዕውርቲ ወይ ጸማም ኣየናዩ ምመረጽኪ ኢሎም ሓቲቶማ። ኣብ ዝሃበቶ መልሲ ዕውርቲ ክኸውን ምመረጽኩ ምኽንያቱ ጸማም ምኺን ርክብ ክትገብር ከቢድ ኢዩ ኢላ ይብሃል።

ሕብረተሰብ ኢልና ክንዛረብ እንከሎና ናይ ሰባት ምትእኽኻብ ኣብ ነንድሕዶም ክራኸቡ ወይ ርክብ ኽገብሩ ዝኽእሉ ማለት እዩ። ሰባት ርክብ ዘይብሎም ክኾኑ እንከለዉ ዝኾነ ኽገብሩ ከቢድ እዩ። ርክብ ዘይምግባር ዝኸፍአ እዩ። ሰባት ርክብ ከቋርጹ እንከለዉ ከቢድ ጸገም እዩ፥ ብፍላይ ኣብ መንጎ ሰብ ክልተ ሰብ ሓዳር፥ ውሉዳት፥ ኣብ መንጎ ኣሕዋት፥ ኣብ መንጎ ቤተሰብ፥ ጎረባብቲ፥ ብጣዕሚ ዓቢ ጉድኣት ኣለዎ።

ኣብ ሓደ ዝተገብረ መጽናዕቲ 20 ዝኾኑ ሕፃናት ውልድ ምስ በሉ ንበይኖም ኣብ ሓደ ዝኾነ ሰብ ዘይረኽቦም እታ እትምግቦም ጥራሕ ወላ ሓንቲ ከይበለት ዘድልዮም ትህቦም ነራ። እቶም ነዚ ዝገበሩ ትጽቢቶም ቋንቋ ናይ ገዛእ ርእሶም ይፈጥሩዶ ይኾኑ ወይስ እንታይ ይገብሩ ክርእዩ ኢሎም ዝገበርዎ እዩ። ኣብ መጨረሻ እዞም ሕፃናት ኩሎም መይቶም። እቲ ቐንዲ ምኽንያት መሞቲኦም ምስ ሰብ ዝኾነ ርክብ ስለ ዘይነበሮም እዩ። ኵሉ ካልእ ይግበረሎም ነሩ ምስ ዝኾነ ሰብ ርክብ ኣይ ነበሮምን በዚ ኸአ መይቶም። ሰብ ማሕበራዊ እንስሳ እዩ ይብሃል ስለዚ ርክብ ብሕይወት ክንቅጽል ግድነት እዩ።

ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ዑረት ዓይንን ጸማም ምኺንን ብሓቂ ከቢድ ምኺኑ ኩልና እንፈልጦ ኢዩ። ሓደ ክንርድኦ ዘሎና ግን እዞም ሰባት ኣብ ገለ እዋን ዝበልሑ ኩሉ ዝፈልጡ እዮም። ኣምላኽ ብዘሕደረሎም ካባና ንላዕሊ ዝፈልጡሉ እዋን ኣለዎም። ንኣብነት ሓበን ግርማይ ኪዳነ ኣድጎይ ዕውርትን ጸማምን እያ ግን ኣብ ሃቫርድ ዩኒቬርሲቲ ብዝልዓለ ዝተመረቐት ቀዳመይቲ ኤሪትራዊት እያ። ኣፍልጦኣን ክእለታን ዘገርምን ዘደንቕን እዩ። ስለዚ ብስም ዓወሩን ጸመሙን ክእለት ከምዘይብሎም ከይመስለና።

ነቲ ዕዉር ኣብ ኢየሱስ ዘቕረብዎ ሰባት ኢዮም፥ ኢዱ ከንብረሉ ለመንዎ። ብዙሓት ዘምጽኦም ስኢኖም ኣብ ስቓይን ሕማምምን ብፍላይ ኣብ ጽልእን ቅርሕንትን ዝነብሩ ኣለዉ። ኣብ ወንጌል ሰባት ንሕሙማት ኣብ ኢየሱስ የምጽእዎም ነሮም ሎሚ እውን ንሕና ንሕሙማት ስጋውን መንፈሳውን ሕማም ዝሓመሙ

አብ ኢየሱስ ክነምጽእ ክርስትያናዊ ሓላፍነትና እዩ። አብ ገለ እዋን ሕሙም ሓገዝ የድልዮ እዩ ብፍላይ አብ መንፈሳውነት ብዝርኢ አብ ኢየሱስ ዘቕርብ የድልየና።

ኢየሱስ ነቲ ዕዉርን ጸማምን ካብቲ ህዝቢ ካብ ዓዲ ንበይኑ ፍልይ አቢልዎ። እዚ ዝገበረ ጸማማት ብዙሕ ጊዜ በቲ ዘለዎም ተጽዕኖ ዘይምስማዕ ሓፋራት ፈርሓት ይገብሮም እዩ፥ ስለዚ ካብ ህዝቢ አውጺእ የብሎም። አብ ገለ እዋን ካብ ዕዉር ምዃን ጸማም ምዃን ብዝያዳ የሕፍርን የሰክፍ። ክንሓዊ ክንርኢ ክንፍለዮ ክንሓድጎ ዘሎና ነገራት አሎ። አብ ገለ ጊዜ እንቕመጦ ዓዲ ህዝቢ መውደቒና መጥፈኢና ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ እንነብሮ ዘሎና ዓዲ ንብዙሓት መዓወቲኦም ክኸውን እንክሎ ንብዙሓት ከአ ናይ ጥፍአቶም ክኸውን ይኽእል እዩ፥ ስለዚ ካብኡ ክንወጽእ ክንርሕቕ ዘድልየና እዋን አሎ። አብ ጸልማት አብ ጥፍአት ክነብር አይግባእን። አብዚ ውሳኔ ክንበጽሕ ሓገዝ ሓውናን ሓፍትናን የድልየና።

ኢየሱስ አጻብዑ አብ አእዛኑ አንቢሩ ጡፍ በለሉ ልሳኑ ተንከዮ ይብለና። አብቲ ዘመን ጥፍጣፍ ናይ ምሕዋይ ተኽእሎ አለዎ ዝብል እምነት ነሩ። አኽላባት ብጥፍጣፎም አቑሳሎም ብምልሓስ የሕውዩ። ስለዚ ኢየሱስ ብጥፍጣፉ ከሕውዮ እንክሎ እቶም ዝርእይዎ ዝነበሩ ይርድኦም ነሩ እዩ። ልሳኑ ክትንክዮ እንክሎ እቲ ተቖሊፉ ዝነበረ ልሳኑ ክፍትሓሉ ኢሉ ልሳኑ ተንከፎ። ሰይጣን ብዝተፈላለየ መገዲ ቆሊፉ ይሕዘና እዩ፥ ከይንዛረብ ከይንሰምዕ ይዓግተና ከቢድ ጸገም እዩ። አብ ገለ እዋን ኢየሱስ እዚ ከምዚ ጋኒን ብጾምን ብጸሎትን ጥራሕ ከምዝሓዊ ይነግረና።

አብዚ ሰይጣን ንመልሓስና አሲሩ ዓይኒ ሕልናና ዓጽዩ ዕዉራት ከም ዝገብረና ንርኢ። ኃጢአት ካብቲ ቀንዲ ሳዕበናቱ ሓደ ልብና ይዓጹ ከይንሰምዕ አእዛና ይዕጾ፥ ሕልናና ይድፈን በዚ አይንርኢ አይንሰምዕ ንኸውን። ሰባት ከይንዓውር ልብና ብኽፍአት ንአምላኽ ከይን ሓድግ ምጥንቃቕ የድልየና።

ኢየሱስ ናብ ሰማይ ጠሚቱ ብርኅራኅ አተንፌሱ ኤፍታ ማለት ተኸፈት በሎ ይብለና። ብኻልእ አዘራርባ ነቲ ንኽይርእን ንኽይሰምዕን ጋሪድዎ ዓጽይዎ ዝነበረ ከፈቶ። ነዚ ብምግባሩ አብ ምልአት ሕይወት ከም ዝአቱ ገርዎ። ካብዚ ንድሓር ነቲ ቅዱስ ታሪኽ ህዝቡ ክሰምዕ ክኢሉ፥ ስሓቕ ናይ ሰባት ክሰምዕ ክኢሉ፥ ዝደለዮ ኩሉ ክሓትትን ዝደልዮ ኩሉ ክነግርን ክኢሉ ክራኸብ ክኢሉ። ካብዚ ንድሓር ነቲ መዘና ዘይብሉ ፍቕሪ እግዚአብሔር አብኡ ዘልኦ ክርኢ ክኢሉ።

አብ ጥንታዊ ስርዓት ጥምቀት ካህን ንተጠማቒ ነዚ ስርዓት ኩሉ ይደግመሉ። ነእዛኑን አፉን እናተንከፍ ፍሉይ ጸሎት የብጽሓሉ፥ ነዚ መሰረት ዝኾነና እቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጸማማት ከምዝሰምዑ ዓባሳት ከም ዝዛረቡ ዝገበሮ አብነት ብምኽታል እዩ። አጠማቒ ንአኻ እውን ቀልጢፉ ነእዛንካ ይተንክፍካ ቃሉ ምእንቲ ክትቅበል፥ አፍካ ኸአ አብኡ ዘሎ እምነት ክሰብኽ፥ ንክብርን ዕብየትን አምላኽ እናበለ ይጽልየሉ። ከምቲ ኢየሱስ ብጥፍጣፍ ዝገበሮ ካህን እውን ከምኡ ይገብር ነሩ አብዚ እዋን ግን ተሪፉ እዩ።

ነፍሲ ወከፍና ክንከፍቶ ወይ ክኽፈተልና ዘለዎ ነገር አሎና። አብ ኢየሱስ ቀሪብና ክኽፈተልና ንለምኖ። ነገራት ዝዕረዩ ክኽፈቱ እንከለዉ ወይ እውን ክንዝትየሎም እንክሎና እዩ፥ አብ ውሽጥና ሒዝና እንተ ዘጎዓዝና ይኸፍኡን ይበላሸዉን እምበር አይሕሹን እዮም። ምስ ካልኦት ከይትራኸብ ናይ ካልኦት ሰናይ ከይትርኢ ጋሪዱ ሒዙካ ካብ ዘሎ ክትክፈት አብ አምላኽ ቅረብ።

ከምቲ ኣካላዊ ምጽማምን ዓባስ ምዃንን ዝኽልክል ወይ ንርክባትና ከቢድ ዝገብሮ መንፈሳዊ ምጽማምን ዓባስ ምዃንን ምስ እግዚኣብሔር ዘሎና ርክብ ይዓግቶ። ሰብ ብመንፈስ ክጽምምን ክዕበስን እንከሎ ስዒቡ ዝገብሮ ከሎ ከምዘየሎ ብዝኾነ መገዲ ምስ ሰብ ክረዳዳእ ወይ ክሰምዕ ኣይክእልን። ናቱ ዓለም ፈጢሩ ኣይ ጽሉል ኣይ ጥዑይ ኮይኑ ንኹሉ ጸገም ይኸውን።

ኣብ ታሪኽ ተፈጥሮ ቀዳሞት ወለዲ ኣዳምን ሔዋንን ኣእዛኖም ንትእዛዝ ኣምላኽ ምስማዕ ምስ ኣበዩ ጀመርቲ ናይ መንፈሳዊ ምጽማም ኮይኖም። በቲ ነጻ ዝኾነ ድለቶም ንኽይሰምዑን ንኽይእዘዙን መሪጾም። ንሕና እውን ግዳያት ናይ እዚ ድኽመት ወረስቲ ኮና። ሳዕበኑ መንፈሳዊ ዘይምስማዕ ጥራሕ ኣይ ኮናን ሒዝና ተወሊድና፥ ብቐጻሊ ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍና ሕይወት ካብ ድምጺ ኣምላኽ ከይንሰምዕ ዝገብረና ተደጋጋሚ ኃጢኣት ኣብ ምግባር ንርከብ። ንኣምላኽ እምቢ ንብሎ ኣብ ክፍኣትን ድኽመትን ወዲቕና ኣይጥዑያት ኣይ ሕሙማት ኮና ንነብር።

ብዙሕ ጊዜ ከምቲ ንቀዳሞት ወለድና ኣዳምን ሔዋንን ኣብ ገነት ኤደን ዝገጠሞም ናይ ምርጫ ፈተና ንኣምላኽ ምስማዕዶ ወይ ነቲ ከይሲ ተመን ክንሰምዕ ዝፈታተነና ኣሎ። ምርጫና ወሳኒ እዩ፥ ሓደ ምርጫ ኣብ ሕይወት ምስ ኣምላኽ ኣብ ምንባር ክህበና እንከሎ እቲ ካልእ ምርጫ ግን ነቲ ክንለብሶ ዝግብኣና ነጻነትን ጸጋን ቀንጢቱ ኣብ ሞትን ስቓይን ከም እንነብር ይገብረና። እንታይ እዩ ምርጫና እስከ ንርእስና ንሕተት።

ኢየሱስ ነቲ ጸማምን ዓባስን ሰብኣይ ከሕውዮ እንከሎ ንኣና እውን ካብ ኣካላውን መንፈሳውን ምጽማምናን ዑረትናን ክፍውሰና ከም ዝመጽአ ዘዘኻኽረና እዩ። ኣእዛና ንቃል ኣምላኽ ብቅዱስ መጽሓፍን ብትምህርቲ ቤተ ክርስትያንን ክሰምዓ ክቕበላ እምነት ገርና ንኽፈተሉ። ኣፍና ንእምነት ምእቶም ዘይኣምኑ ወይ እውን ብዝተፈላለያ ምኽንያት ክሰምዑ ዘይክኣሉ ክነበራትየምን ክንሰብኮምን ይግብኣና። ቃል ኣምላኽ እንነግር እንሰብኽ ንሕና ኢና፥ ልኡኻት ኣምላኽ ኮና መልእኽቲ ኣምላኽ ክነብጽሕ ንሕተት ኣሎና። ነፍሲ ወከፍና ነቲ ዓሚቕ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልብና ክነሕድር እሞ ምስ ካልኦት ክንካፈሎ ሎሚ ንኣምላኽ ምሳኻ ኣሎኹ ንበሎ።

እምብኣር ኣብ ቅድሚ መድኃኔ ዓለም ቀሪብና ኦ ኣምላኽ ቃላት ወድኻ ክንሰምዕ ልባትና ክፈተልና ኢልና ንለምኖ።

ነዚ የብቅዓና

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።